# ንውላድኩም ካብ መንሸሮ (ካንሰር) ብክታበት ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ተኸላኸሉ።

## *ብዛዕባ ክታበት ኤቾ.ፒ.ቪ (HPV) ክትፈልጥዎም ዘለኩም ኣርባዕተ ነገራት፥*

### 1. ክታበት ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) መከላኸሊ መንሸሮ ኢዩ።

እቲ ክታበት ጠንቂ ናይ'ዞም ስስዕቡ ካብ ዝኾኑ ረኽሲታት ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ይከላኸል፥



- መንሸሮ (ካንሰር) ኣፍን ጎሮሮን
- መንሸሮ ከባቢ ማህጸን (Cervical cancer)
- መንሸሮ መሃንቱስ (Anal cancer)
- መንሸሮ ርሕምን ብልዕትን (Vaginal and vulvar cancer)
- መንሸሮ መሸኒት (Penile cancer)



ናይ ብልዕቲ ጡብ ኣድጊ (genital warts) ካብ ዘስዕቡ ረኽሲታት እውን ይከላኸል።

### 2. ዕድመ የገድስ ኢዩ። ንምኽታብ ኣይትጸበዩ።

ኣብ 6ይ ክፍሊ ዘለዉ ቆልዑ ክታበት ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ንክወስዱ ይምከር። ምኽንያቱ ከኣ እንሆ፤

- ✓ እቲ ክታበት ኣብ ንኡስ ዕድመ ክወሃብ ከሎ ዝበለጸ ይሰርሕ ምኽንያቱ ኣብ ቅድመ-ዕድመ ንእስነት ዘለዉ (preteens) ድሕሪ ክታበት ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ካብ ዓበይቲ መንእሰያት ዝያዳ ጸረ-ኣካላት (antibodies) ስለ ዘፍርዩ።
- ✓ እቲ ክታበት ብዝበለጸ ንክሰርሕ፡ ሰባት ቅድሚ ኣብ ጾታዊ ርክብ ንጡፋት ምዃኖምን ንኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ምቅልዖምን ክኽተቡ ኣለዎም።

***ንደቅኹም ኣብ ግዚኡ ምስ እተኽትብዎም፡ ኣብ መጻኢ ህይወቶም ካብ መንሸሮታት ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ዝበለጸ መከላኸሊ ትህብዎም ኣለኹም ማለ ኢዩ።***

### 3. ክታበት ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ጸገም ዘይብሉ (safe) ኢዩ።

**200,000,000**

**ዓቐናት (doses) ናይ ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ክታበት ብዘይ ስግኣት ተዋሂቡ።**

ንልዕሊ 15 ዓመታት ዝወሰደ ምክትታል ድሕንነት ክታበት፡ ክታበት ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ጸገም ከምዘይብሉ (safe) ኣርእዩ ኢዩ። ኣብ መላእ ዓለም ልዕሊ 200,000,000 ዓቐናት (doses) ናይ'ቲ ክታበት ብዘይ ስግኣት ተዋሂቦም።

### 4. ክታበት ኤቾ.ፒ.ቪ ይሰርሕ ኢዩ!



ኣብ ካናዳን ካልኦት ፕሮግራም ክታበት ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ዘለወን ሃገራትን ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ክታበት ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ካብ ዝጥቀማሉ ንደሓር፡ ረኽሲ ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV)፣ ቅድመ-መንሸሮ ከባቢ ማህጸንን (cervical pre-cancers ) ጡብ ኣድጊ ብልዕትን ዓቢ ምጉዳል ኣርእዩ።

## ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) እንታይ እዩ?

- ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ንቫይረስ ፓፒሎማ (human papillomavirus) ይውክል።
- እቲ ኣዝዩ ዝውቱር ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ረኽሲ እዩ።
- **ካብ 4 ዘይተኸተቡ ኣብ ጾታዊ ርክብ ንጡፋት ዝኾኑ ሰባት፣ ኣስታት 3 ኣብ ገለ እዋን ናይ ህይወቶም ብኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ክትሓዙ ኢዮም።**
- ብዙሓት ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ኣለዉ። መብዛሕትኦም ረኽሲታት ኢ.ቾ.ፒ.ቪ. (HPV) ዘይጓድኡን ባዕሎም ዝጠፍኡን ኢዮም። ገለ ረኽሲታት ግን ናብ መንሸሮ ወይ ጡብ ኣድጊ ብልዕቲ ከምርሑ ይኽእሉ ኢዮም።

[Tigrigna] 07/22

ትርጉማትን ተወሳኺ ሓበሬታን ንምርካብ፡ ነቲ QR ኮድ ስካን ግበሩ ወይ ድማ ኣብ **immunizebc.ca/hpv** ተወከሱ

BRITISH COLUMBIA | ImmunizeBC | BC CANCER Provincial Health Services Authority